# ኣትኩሮ ኣብ ገንዘባዊ ዓመጽ።



## ገንዘባዊ ዓመጽ እንታይ እዩ፧

ገንዘባዊ ዓመጽ፡ ሓደ ሰብ ንኻልእ ሰብ ንምቍጽጻርን ኣብ ልዕሊኡ ሓይሊ ንምህላውን ንገንዘብ ከም መሳርሒ ኽጥቀመሉ ኸሎ እዩ ዘጋጥም። ገንዘባዊ ዓመጽ ንሰባት ካብ ሓደ ዓመጽ ዝመልኦ ዝምድናዊ ርክብ ከም ዘይወጹ ኽገብሮም፡ ክወጹ እንተ ወሲኖም ድማ ንድሕንነቶም ኣስጋኢ ኽም ዝኸውን ክገብር ይኽእል እዩ።

## ክሳዕ ክንደይ እዩ ዝውቱር፧

ኣብ ኣውስትራልያ፡ ክሳዕ 16% ዝበጽሓ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዕምረን ገንዘባዊ ዓመጽ የጋጥመን እዩ[1]፣ ደቂ ተባዕትዮ እውን በዚ ኽጽለዉ ይኽእሉ እዮም።

ገንዘባዊ ዓመጽ ንኹሎም እተፈላለየ ማሕበረ-ቍጠባውን ዓሌታውን ድሕረ ባይታ ዘለዎም፡ ከምኡ ድማ እተፈላለየ ጾታ ዘለዎም ሰባት ክጸሉ ይኽእል እዩ። ስንክልና ዘለዎም ሰባት ኻብቲ ተራ ሕብረተሰብ ንላዕሊ ቍጠባውን ገንዘባውን ዓመጽ ከጋጥሞም ልዑል ተኽእሎ ኣሎ፣ ገለ ኻብቲ ነዚ ኣበርክቶ ዝገብር ረቛሒታት ከኣ ኣብ ካልኦት እትውከልን ሓገዞም እትደልን ምኳን፡ ገንዘብ ዝርከበሉ ምንጭታት ዘይምርካብ፡ ካብ ማሕበራዊ ድሕንነት ዝውሃብ ገንዘባዊ ደገፍ ንምርካብ ዘጋጥመካ ዕንቅፋታት፡ ከምኡ እውን ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ብዙሕ ተመክሮ ዘይምህላው ክጥቀስ ይከኣል[2]።

ሰባት ብዛዕባ ገንዘባዊ ዓመጽ ንምዝራብ ክሓፍሩን ክኸብዶምን ልሙድ እዩ።

ምልክታት ገንዘባዊ ዓመጽ፡ ሓገዝ ደሊኻ ናበይ ከም እትኸይድ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ሓደጋ ገንዘባዊ ዓመጽ ንዝርከብ ኣባል ስድራ ቤትካ ወይ ዓርክኻ ብኸመይ ከም እትሕግዞ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ኸኣ እቶም ግዳያት ናብ ንቡር ኩነታት ክምለሱን ቍጠባዊ ናጽነቶም ዳግም ክረኽቡን ክሕግዞም ይኽእል እዩ።

### ንገንዘባዊ ዓመጽ ምልላዩ

ገንዘባዊ ዓመጽ ዝውቱር እኳ እንተኾነ፡ ንምልላዩ ግና ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ፦

| | | | |
|---|---|---|---|
| ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ገንዘባዊ ዓመጽ ዝመልኦ ዝምድናዊ ርክብ ከም ዘለዉ ምርኣይ የጸግሞም እዩ። | ገንዘባዊ ዓመጽ፡ ከየስተብሃልናሉ ዝጅምርን ምስ ግዜ ድማ እናዓበየ ዝኸይድ ክኸውን ይኽእል እዩ። | ኣብ ገሊኡ ባህልታት፡ ሓደ ሰብ ንኹሉ ገንዘብ ሓንቲ ስድራ ቤት ክቈጻጸር ቅቡል ጌርካ ዝርአ ክኸውን ይኽእል እዩ። | ሓድሓደ ግዜ፡ ገንዘብ ከም ሓደ ብሕታዊ ጕዳይ ጌርካ ስለ ዝርአ ብግልጺ ኣይዝረበሉን እዩ። |

[1] Kutin, Russell, Reid (2017), ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ መንጎ ዝነብሩ መጻምድቲ ዘጋጥም ገንዘባዊ ዓመጽ፣ ልምዲ፡ ኩነታት ጥዕና፡ ስንክልና፡ ገንዘባዊ ውጥረት፣ ጸብጻብ ህዝባዊ ጥዕና ኣውስትራልያን ኒውዝላንድን

[2] www.commbank.com.au/content/dam/commbank-assets/support/2021-09/unsw-disability-report-4.pdf

Commonwealth Bank of Australia ABN 48 123 123 124 AFSL and Australian credit licence 234945.

## ገለ ምልክታት ገንዘባዊ ዓመጽ፦

ገንዘባዊ ዓመጽ ኣብ ዘለዎ ዝምድናዊ ርክብ ኣለኻ እንተ ኼንካ ትጠራጠር ዲኻ፧
ንገዛእ ርእስኻ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ሕተታ፦

| | | |
|---|---|---|
| መጻምድትኻ ስራሕ ንኸይትጅምር ወይ ናብ ስራሕ ንኸይትኸይድ ከልኪሉካዶ ይፈልጥ፧ | በቶም ዝቐርቡኻ ሰባት፡ ገንዘብ ንኸይተእቱ ወይ ገንዘብካ ንኸይተውጽእ ጸቕጢ ተገይሩልካዶ ይፈልጥ፧ | መጻምድትኻ ቀለብ ቈልዓ ምኽፋል ኣብዩ ወይ ቈልዓ ኣብ ምእላይ ምሕጋዝ ኣብዩካዶ ይፈልጥ፧ |
| መጻምድትኻ ኵሉ ኣታዊታት እታ ስድራ ቤት ኣብ ምንታይ መዓላ ኽውዕል ከም ዘለዎ ይቈጻጸር ድዩ፧ | መጻምድትኻ ንዘውጻእካዮ ኹሉ ይቈጻጸር ወይ ድማ ንኹሉ ቅብሊት እቲ ዝዓደግካዮ ነገራት ከተርእዮ ይሓተካ ድዩ፧ | ገንዘብ ተኸሊእካ ወይ ድማ ነቲ ንዓኻን ንደቅኻን ዝኸውን መሰረታዊ ወጻኢታት ንምሽፋን ገንዘብ ክትሓትት ተገዲድካዶ ትፈልጥ፧ |
| ኣብ ኣታዊታት እታ ስድራ ቤት ኣበርክቶ ንኸይትገብር ተኸልኪልካዶ ትፈልጥ፧ | ገንዘብ ምእንቲ ኽውሃበካ ገለ ዕዮ ኽትዓዪ ወይ ድማ ሓለፋታት ክትገብር ተሓቲትካዶ ትፈልጥ፧ | ብስምካ ልቓሕ ወይ ክረዲት ካርድ ከተውጽእ ተገዲድካዶ ትፈልጥ፧ |
| መጻምድትኻ ንገንዘቡ ወይ ንገንዘብ እታ ስድራ ቤት ብምስጢር ድዩ ዝሕዞ፧ | ንገንዘብ ዝምልከት ዓበይቲ ውሳነታት ክግበር ከሎ ርእይቶኻ ይንጸግ ድዩ፧ | ኣብቲ ናይ ስድራ ቤትኩም ንግዲ፡ ከይተኸፈልካ ኽትሰርሕ ጸቕጢ ይግበረልካ ድዩ፧ |

## ብኸመይ ሓገዝ ክትረክብ ከም እትኽእል

ንስኻ ወይ ካልእ እትፈልጦ ሰብ ገንዘባዊ ዓመጽ የጋጥሞ እንተ ኣልዩ፡ ወይ ድማ ብዛዕባ እዚ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ክትረኽቦ እትኽእል ዘይክፈሎ ኣገልግሎታት ኣሎ። ኣብ ህጹጽ እዋን ወይ ንድሕንነትካ ኣብ እትስከፈሉ እዋን፡ ወትሩ ናብ **000** ደውል።

- ፈለማ ናብ **1800RESPECT** ኣብ **1800 737 732** ክትድውል ነተባብዓካ።

  እዚ ዘይክፈሎን ምስጢርካ ዝዕቀበሉን ኣገልግሎት ኰይኑ ክፍሊ ኮመንወልዝ ባንክ ኣይኰነን።
- ተርጓሚ እንተ ደሊኻ፡ ናብቲ ኣገልግሎት ትርጉም ዝህብ ትካል (TIS National) ናብ **131 450** ደዊልካ እቲ እትደልዮ ቛንቋ ሓብሮም፣ ድሕሪኡ ናብ 1800RESPECT ኣብ 1800 737 732 ክድውሉ ሕተቶም። TIS National ብዘይ ክፍሊት ኣገልግሎት ዝህብ ትካል እዩ።
- ከም ኣማራጺ፡ ናብ **1800RESPECT** ኣብ **1800 737 732** ደዊልካ ተርጓሚ ኽግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

  እቲ ኣማኻሪ ዘድሊ ምድላዋት ክገብር እዩ።
- ብዛዕባ ባህርይ እንተ ተሻቒልካ፡ ዘይክፈሎን ምስጢርካ ዝዕቀበሉን ደገፍ ዝህብ ኣገልግሎት ኣሎ። ናብ መወከሲ ኣገልግሎት ደቂ ተባዕትዮ ኣብ **1300 766 491** ደውል፡ ወይ ናብ **ntv.org.au** ኣቲኻ ብኢንተርነት ኣዕልል።

ብዛዕባ ተወሳኺ ደገፍ ዝያዳ ኽትፈልጥ እንተ ደሊኻ፡ ናብ **https://www.commbank.com.au/support/next-chapter.html** እቶ።

ዝያዳ ዝርዝር መምርሒ ንምርካብ ናብ **ወብሳይት ኮምባንክ** ኣቲኻ ነቲ ናይ ምልላይን ናብ ንቡር ምምላስን መምርሒ (Recognise and Recover Guide) ዝብል ኣንብቦ።